ገምጋም ብቕዓት ቋንቋ (Sprachstanderhebung) ግዴታ ድዩ?

ኣይፋልን። መብዛሕትኦን ስድራቤታት ይሳተፋን ይጥቀማሉን እየን።

ኣብ ገዛና ስዊስ ጀርመን ወይ ላዕለዋይ ጀርመን ንዛረብ። ስለምንታይ ሕጂ እውን ነቲ መሕተቲ ጽሑፍ ክንመልኦ ዘሎና?

ህጻናት ኣዝዮም ብውልቂ እዮም ዝምዕብሉ። ውላድኩም እውን ክጥቀሙ ይኽእል እዩም።

በቲ ውጽኢት እንታይ ክገብሩ ኣለዎም?

ምስቲ ውጽኢት፣ ንውላድኩም ብኸመይ ብቋንቋ ክትድግፉዎም ከም እትኽእሉ ዝሕብር ለበዋ ክትረክቡ ኢኹም። ብዛዕባ ናይ ክንክን ቅድመ-ምድላዋት (Betreuungsangebote) ህጻናት ዝርዝር ሓበሬታ ክንህብ ኢና።

ቤት ጽሕፈት ክኢላ ቅድመ ህጻናት (Fachstelle Frühe Kindheit) በቲ ዳታ እንታይ ይገብር?

እቲ ማእከል ነቲ ዳታ ንስታቲስቲካዊ ዕላማታትን ኣብ ከባቢ ቅድመ ትምህርቲ ዝርከቡ መደባት ንምምዕባልን ይጥቀመሉ።

ንዕቤት ቋንቋ ውላደይ ዝኸውን ገንዘባዊ ደገፍ ኣሎ ድዩ?

እዚ ኣብ ሓፈሻዊ ኣታዊኹም ይምርኮስ። በጃኹም ንሓገዝ ምስ ናይ ጸወታ ጉጅለኹም (Spielgruppe)፣ መዓልታዊ መዕበዪ ህጻናትኩም (Kindertages-stätte) ወይ ምስ ቤት ጽሕፈት ክኢላ ቅድመ ህጻናት (Fachstelle Frühe Kindheit) ተወከሱ።

ቤት ጽሕፈት ክኢላ ቅድመ ህጻናት (Fachstelle Frühe Kindheit) ን መዋእለ ህጻናት (Kindergarten) ንምምዳብ ሓላፍነት ኣለዎ ድዩ?

ኣይፋልን። በዓል መዚ ትምህርቲ (Schulamt) ን መዋእለ ህጻናት (Kindergar-ten) ምምዳብ ይከታተል።

ውላደይ ኣብ መዋእለ ህጻናት (Kinder-garten) ስዊስ ጀርመን ወይ ላዕለዋይ ጀርመን ክዛረብ ኣለዎ ድዩ?

ኣይፋልን። ውላድኩም ጀርመንኛ ምዝራብ ኣየድልዮን እዩ። ይኹን እምበር ውላድኩም ነቲ መምህር መዋእለ ህጻናት(Kindergarten) ክርድኦምን ድሌታቶም ከረድኦም ክኽእልን ኣገዳሲ እዩ።

እቲ ውጽኢት ኣብ ዝመጽእ ዓመት ኣብ ምምዳብ መዋእለ ህጻናት (Kin-dergarten) ጽልዋ ኣለዎ ድዩ?

ኣይፋልን። እቲ ውጽኢት ብዛዕባ ክእለት ቋንቋ ጀርመን ውላድኩም ይሕብረኩም።

ምስ ውላደይ ብቋንቋ ዓደይ ክዛረብ ኣለኒ ድዩ?

እወ። ህጻናት ቋንቋ ዓዶም ክመሃሩ ኣዝዩ ኣገዳሲ እዩ። ውላድኩም ኣብ መዓልታዊ መዕበዪ ህጻናት (Kindertagesstätte) ወይ ናይ ጸወታ ጉጅለ (Spielgruppe) ቋንቋ ጀርመን ክመሃሩ ዝቐለለ ግዜ ክህልዎ እዩ።

Fachstelle Frühe Kindheit Stadt Schaffhausen
**www.fk-stsh.ch**

STADT SCHAFFHAUSEN